welcome to europe network

www.w2eu.info

Independent information
for refugees and migrants coming to Europe
معلومات مستقلة للاجئين و المهاجرين القادمين الى اوروبا
اطلاعات مستقل برای پناهندگان و مهاجران آینده به اروپا
Informations indépendantes
pour réfugiés et migrants arrivant en Europe

w2eu_info@yahoo.com // w2eu@hotmail.com

*Updated: August 12th, 2016*

# ሓበሬታ ብዛዕባ ስዊዘርላንድ

## ሓደሽቲ ለውጥታት ኣብ ዶብ ኢጣልያን ስዊዘርላንድን

ካብ ዝሓለፈ ሒደት ሰሙናት ኣትሒዙ ኣብ ዶብ ስዊዝን ኢጣልያን ኣባላት ፖሊስ ስዊዘርላንድ ጽዑቕ ጥብቅን ዝኾነ ምክትታልን ሓለዋን ከም ዝጀመሩ ይፍለጥ። ካብ ኢጣልያ ክሰግሩ ዝፍትኑ ሰባት መብዝሕትኦም ይትሓዙ ኣለዉ። ኣባላት ፖሊስ ዶብ ስዊዝ ድማ ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ክሓትት ንዘይደሊ ሰብ ናብ ኢጣልያ ይመልስዎ። ዑቕባ ክትሓትት ከም ትደሊ ነቶም ናይ ዶብ ፖሊስ ብጽሑፍ መልክዕ ወይ ድማ ብቓልካ ክትሕብር ትሕተት ኢኻ።

## ምቁጽጻር ፖሊስ፡

ኣብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ተቆጻጸርቲ ፖሊስ ኣብ ዝኾነ እዋን ናይ ስራሕ፡ መንነትካ ከተርኢ ምስ ዝሓቱካ ፓስፖርት ወይ ድማ ካልእ ንመንነትካ ዝሕብር ዶኩመንት ከተርኢ ትግደድ ኢኻ። እዚ ምስ ዘይትገብር ድማ ክሳብ 96 ሰዓታት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ትጸንሕ ይግበር። ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ካብ ዘኣተኻሉ ግዜ ድማ ሓንሳብ ናይ ተለፎን ርክብ ክትገብር ይፍቀደልካ። ኣብዚ ስዒቡ ተገሊጹ ዘሎ ትካል ድማ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል፡ Augenauf in Switzerland ፡ ቁጽሪ ተሌፎን ፡ +41313320235/ ወይ ድማ +41442411177 ብምድዋል ሓገዝ ክርከብ ይከኣል።

## ንድሕሪት ምምላስ፡

ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ሓቲትካ ከተብቅዕ ግን ከኣ ናብ ኢጣልያ ምስ ዝመልሱኻ ፡ ሕጋዊ መሰሪሕ ስለ ዘይኮነ ኣብ ሃገረ ኢጣልያ ጠበቓ ክትረክብን ጉዳይካ ክትሕብርን ኣለካ። ከም ኣብነት Associazone pergli Studi Giuridici sull'Immigrazione (ASG I)ተሌፎን ቁጽሪ ፡ +393894988460። ንዝያዳ ሓበሬታ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ገጽ ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል ፡ http://www.w2eu.info/italy.en/articles/italy-contacts.en.html/

## መስርሕ ምሕታት ዑቕባ ኣብ ስዊዘርላንድ

ዑቕባ ሓቲትካ ናብ ኢጣልያ ምስ ዘይትምለስ ግን ናብ ሓንቲ ካብተን ሽዱሽተ ናይ መቐበልን መመዝግቢን ማእከላት ከም ትመጽእ ይግበር። ኣብኡ ድማ ክሳብ ክልተ ወርሒ ዝኸውን ግዜ ክትጸንሕ ትኽእል። ኣብዚ መስሪሕ ዝኾነ ምርጫ ናይ ቦታ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብታ ባዕሎም ዝምድቡኻ ቦታ ኢኻ ትኸይድ። ኣብዚ ግዜዚ ድማ ከም ድላይካ ናይ ምንቅስቓስ ፍቓድ የብልካን። ሓንሳብ ኣብ መዓልቲ ግን ካብቲ ማእከል ናይ ምውጻእን ምእታውን ፍቓድ ይወሃበካ እዩ። ኣብዚ ማእከል ከለኻ ድማ ናትካ ዉልቃዊ ሓበሬታን ኣሰር ኣጻብዕትኻን ክውሰደልካ እዩ። ብተወሳኺ'ውን በየን መንገዲ ናብ ስዊዘርላንድ ከምዝመጻኻ ክትሕተት ኢኻ። ብመንገዲ ኢጣልያ ከምዝመጻኻ ተፈሊጦም፡ ንመንግስቲ ኢጣልያ ክወስዱኻ ክሓትዎም እዮም። እዚ መስሪሕ ድማ ናይ ደብሊን ምጥራዝ( Dublin deportation) ተባሂሉ ይፍለጥ። እንተኾነ ግን እዚ መስሪሕ ግዜ ከምዝወስድ መጠን ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ ንጉዳይካ ክትጣበቕ ትኽእል ኢኻ። ከም ኣብነት ብፍሉይ ሓደጋ ከምትቃላዕ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ፡ ንኣብነት ደቂ ኣንስትዮ፡ ስድራ ቤት፡ ጽጉማት፡ ኣካለጎደሎ ወዘተ...

ትሕቲ ዕድመ ምዃንካ መረጋገጺ እንተለካ ድማ፡ ኣብ ዝኾነ ዝኣተኻዮ ሃገር ዑቕባ ናይ ምሕታት መሰል ስለ ዘለካ መንግስቲ ስዊዘርላንድ ድማ ክመልሱኻ ኣይክእሉን እዮም። ብተወሳኺ ውን ትሕቲ ዕድመ ኾይንካ እሞ ኸኣ ኣብ ካልእ ሃገር ኣባላት ስድራቤትካ ዝቕመጡ ተኾይኖም ናይ ስድራቤት ምጥርናፍ መሰል ኣለካ። ነዚ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ነጻ ናይ ሕጊ ምኽርን ሓገዝን ክርከብ ይከኣል፡ http:w2eu.info/switzerland.en.html)። ኣብ ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ክፋል ናይ ስዊዘርላንድ ድማ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ሓበሬታ ክትረክብ ከም ዝከኣል ክንሕብረካ ንፈቱ፡ +41916474647, senzavoce@ bluew in.ch)።

## ንተወሳኺ ሓበሬታ

ኣብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወሳኺ ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል፡
English: http://www.w 2eu.info/switzerland.en.html
ኣብ ሃገረ ኢጣልያ ድማ፡
English: http://www.w 2eu.info/italy.en.html
ኣብ መወዳእታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትውከሱና ትኽእሉ ኢኹም።

Welcome to Europe: w2eu_info@yahoo.com or on FB: Welcome to Europe
እንቋዕ ናብ ኣውሮጳ ብደሓን መጻኹም!!!.